Tigrinya

# ማካይን
(Cars)

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት
(Talking activities with toys)

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ
(Talk about what you and your child are doing)

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቶቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኸሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑ።

### ምስ ህጻን ውሉድኩም
(With your baby)

- ኣብ ከብዲ ሕጻንኩም ማኪና ምምራሕ። "እታ ማኪና መጺኣ። ኣብ ከብድኻ እያ ዘላ። ሕጂ ኣብ ቅልጽም ኢድካ እያ ዘላ!" በሉ። ሓንሳእ ደው በሉ እሞ ንዓኹም ወይ ነታ ማኪና ኽሳዕ ዚርእዩ፣ ክሳዕ ዝንቀሳቐሱ ወይ ድምጺ ኽሳዕ ዘስምዑ ተጸበዩዎም። ድሕሪኡ እንደገና ተጻወቱን ተዛረቡን።
- ምስ ውሉድኩም ገጽ ንገጽ ኣብ ባይታ ኾፍ በሉ። ምሳታቶም ማኪና ናብዝን ናብትን ድፍኡ። ከም ቩቭቭቭ፣ ወይ ጺጽ ጺጽ ዝኣመሰለ ድምጽታት ማኪና ግበሩ ወይ ከም ኪድ ወይ ድፍእ ዝኣመሰለ ቓላት ተጠቐሙ።

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቘልዓ
(With your toddler)

- ምስ ውሉድኩም ገጽ ንገጽ ኮፍ በሉ። ማኪና ድፍኡሎም። "ማኪና" ወይ "ተዳለ። ኪድ!" በሉ። መሊሶም ክሳዕ ዝደፍእዎ ተጸበዩዎም። "ተዳለ..." ብምባል ሓግዝዎም፣ ድሕሪኡ "ኪድ!" ዝብሉ ተኾይኖም ንምርዓይ ጠጠው በሉ
- ነታ ማኪና ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ ናብ ሕርሻ ግንሑዋ። ናበይ ከም ዝኸዱን ኣብኡ ምስ በጽሑ እንታይ ከም ዝርእዩን ተዘራረቡ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቘልዓ
(With your preschooler)

- ምስ ውሉድኩም ኾፍ ኢልኩም ተጻወቱ። ነታ ማኪና ነዳዲ ንምርካብ ዘውርዋ ወይ ከም ዝሸካዕኩምዋ ኣምስሉ። ንውሉድኩም ዝተንፈሰ ጎማ ኸም ዘሎ ንገሩ። ቀጺሉ እንታይ ከም ዝግበር ሕተቱዎም።
- እተን ማካይን ናብ ነፈርቲ ኸም ዝተቐየራ ኣምስሉ። ክሳዕ ክንደይ ብቕልጡፍ ኽነፍራ ኸም ዝኽእላ ተዘራረቡ።

እዞም ንጥፈታት እዚኦም ኣብ ከም ዓበይቲ ማካይንን ኣውቶቡሳትን ዝኣመሰላ መጻወቲ ማካይን እውን ክውዕል ይኽእል ኢዩ።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ
(Where to get help)

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።



ዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ናብ ዝስዕብ ብጽሑ፦ ahs.ca/talkbox

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያታት ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፦ ፌብሩሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)

Alberta Health Services